MUNIO

sterk naar de toekomst

ቤት ትምህርቲ ምምራጽ

Calvijn
Ontdek je kracht
calvijn.cvo-av.nl

Lyceum Oudehoven
Kijk verder. Vraag verder. Doe goed.
oudehoven.cvo-av.nl

Yuverta
yuverta.nl

omnia college
omniacollege.nl

Gilde
Laat techniek werken
gilde.cvo-av.nl

Het Heerenlanden
Doe wat telt
hetheerenlanden.cvo-av.nl

Schans
Kom verder!
schans.cvo-av.nl

FORTES LYCEUM
TECHNASIUM • ATHENEUM • HAVO • MAVO
forteslyceum.nl

De Windroos
Durf te stralen
windroos.cvo-av.nl

Uilenhof
Thuis in de wereld
uilenhof.cvo-av.nl

vita college
vita-college.nl

De Joost
Doe, ervaar, leer
dejoost.cvo-av.nl

De Noordhoek
Christelijke Praktijkschool
denoordhoek.com

Altena college
altenacollege.nl

Gymnasium Camphusianum
camphusianum.nl

De Delta
Wij zeggen ja!
dedelta.cvo-av.nl

Gomarus
Meer dan school alleen
gomarus.nl

MUNIO
sterk naar de toekomst

ቤት ትምህርቲ ምምራጽ

ቀጻሊ ቤት ትምህርቶም ምምራጽ ኣገዳሲ ዝኾነ ውሳነ እዩ። እቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ምስሊ:ኣብቲ ከባቢ ኣየኖት ከተማታት ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ከምዘለዎም ዘርኢ እዩ። እዚ ሓጺር ናይ ጽሑፍ መግለጺ እዚ፡ ዝበለጸ ዝጥዕሞም ቤት ትምህርቲ ንኽመርጹ ቀሊል ይገብረሎም።



Gorinchem
- Camphusianum
- De Delta
- Fortes Lyceum
- Het Gilde
- De Gomarus
- Lyceum Oudehoven
- De Noordhoek
- Omnia College
- Uilenhof
- Vita College
- De Windroos

Hardinxveld-Giessendam
- Calvijn

Leerdam
- Heerenlanden College
- De Joost

Ottoland
- Yuverta

Sleeuwijk
- Altena College
- De Schans

Het Heerenlanden
Doe wat telt



Heerenlanden College | locatie Leerdam
Richting: vmbo tl/mavo, havo, vwo, TTO havo/vwo

ሄረንላንደን(Heerenlanden) ኮሌጅ፡ ሊርዳም(Leerdam) ቦታ
መንገድታት፡ vmbo tl/mavo(ቅድመ ሞያ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ), havo(ላዕለዋይ ሓፈሻዊ ቀጻሊ ትምህርቲ), vwo(ቅድሚ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ), TTO havo/vwo
ሄረንላንደን(Heerenlanden) ኣብ ሊርዳም(Leerdam) ዝርከብ ቤት ትምህርቲ እዩ: ንሕና mavo (tl)(ቅድመ ሞያ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ(ብሞያ ዝተመርኮሰ ኮርስ)), havo ከምኡውን vwo መንገድታት እንህብ ቤት ትምህርቲ ኢና። ካብ ሊርዳም(Leerdam) ድዮም ወይ ካብተን ኣብ ቀረባ ዝርከባ ዓድታት እዮም? ስለዚ ንሕና ናትኩም ቤት ትምህርቲ ኢና! ኣብ ቤት ትምህርትና፡ ቀልጢፎም ኣብ ገዝኡም ከም ዝቸኑ ኮይኑ ክስምዖም እዩ፣ኩላትና ጽቡቕ ጌርና ንፋለጥ! ኣብ ኮለጅ ሄረንላንደን(Heerenlanden) ንተማሃሮና ንምድጋፍ ብዙሕ ግዜ ኢቕልቦን ንውፍይ። ንኣብነት ኩሉ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣሰልጣኒ መምህር ኣለዎ፣ ምስኡ ብቕጸሊ ይራኸቡ እሞ ኣየናይ ጽቡቕ ይኸይድ ከምዘሎን ኣበይ ተወሳኺ ሓገዝ ክድልዮም ከምዝኽእልን ይዛተዩ። ብፍላይ ኣብ መሰረታዊ ደረጃ (ካብ 1 ክሳብ 3 ዓመታት) ተማሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዕዮ ገዝኡም ንምፍጻም እኹል ግዜ ብዘለዎም መንገዲ ምምሃር ምስትምሃርና ንውድቡ።

ካብዚ ሓሊፉ ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ተማሃሮ ኩሉ ግዜ ሰሉስ ኣብ ኣካዳሚ ሄረንላንደን(Heerenlanden) ይሳተፉ። ኣብዚ ካብ ዝተፈላለዩ መዘናግዒ ክፍሊታት ኣብ ቤት ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻእን ክመርጹ ይኽእሉ። ብዙሕ ዝተፈላለየ ነገራት ኣሎ፡ ካብ ቱኒስ ክሳብ ናይ ቅዲ ኮርስ ወይ ካብ ምህንድስና ወይ ቴክኖሎጂ ክሳብ ናይ ስጳኛ ኮርስ - ንስኻ ስሞዮ። ተማሃሮ ብዙሕ ሓደስቲ ነገራት ይመሃሩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብምንታይ ጽቡቕ ከምዝኾኑን ኣብ መጻኢ ኣብ ምንታይ ክድህቡ ከም ዝደልዩን የናድዩ።

FORTES
TECHNASIUM • ATHENEUM • HAVO • MAVO
LYCEUM

Fortes Lyceum | locatie Gorinchem

Richting: mavo, havo, technasium, atheneum

ፎርተስ ሊሲየም፣ ጎሪንቸም (Fortes Lyceum, Gorinchem) ቦታ
መንገድታት፦ mavo፣ havo፣ technasium(ቴክናዝየም አብ ስርዓተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሆላንድ ዝርከብ ስትሪም ወይ ክፍሊ ትምህርት ኮይኑ ብተማሃሮ VWOን HAVOን ክምረጽ ዝኽእል እዩ)፣ atheneum(ኣቴንየም፡ሓደ ካብቶም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ንሳይንሳዊ ትምህርቲ ንምድላው ዝዓለመ ክፍለ ትምህርቲ ሆላንድ ኮይኑ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ጽኑዕ ትኹረት ዝህብ እዩ)
ቤት ትምህርትና ፈጠራዊ ባህሪ ዘለዎ ህዝባዊ ትምህርቲ ይህብ። ኣብዚ ብቑጻልን ብቕልጡፍን ዝቕየር ሕብረተሰብ፣ ተማሃሮ ኣብ ፍልጠት ዝተመርኮሰ ሕብረተሰብ በሊጾም ንክርከቡ ናይ መበል 21 ክፍለ ዘመን ክእለት ክዕጠቕ ግድን እዩ።
ብዘይካ'ቲ ንተማሃሮ technasium፣ atheneum፣ havo ወይ mavo ዝዓለመ ጽኑዕ መሰረታዊ ፓኪጅ፣ ፎርተስ ሊሲም(Fortes Lyceum) ምስ ተውህቦ ተማሃሮ ዝሰማማዕ በዳሂ ወይ ፈታኒ መደባት'ውን የቕርብ። ንኣብነት ኣብ ኩሉ ደረጃታት ምዕቡል እንግሊዝኛ ከም ፋስት ሌን እንግሊዝኛ ኣብ ኣቴንየም(Fast Lane English in atheneum) ክምኡ'ውን ካምብሪጅ እንግሊዝኛ ኣብ mavo ን havo ን(Cambridge English in mavo and havo) ምውሳድ ይክኣል እዩ፣ እዚ ድማ እቲ ዝበለጸ ውድኢታዊ ብቕዓት ቋንቋ እንግሊዝ እዩ።
ትምህርትና ንተማሃሮ ከም ሰባት ምምዕባል እምበር ብዛዕባ ምሽምዳድ ሓበሬታ ጥራይ ኣይኮነን። ንኣእምሮኣዊ ብልሒ ምንቅስቓስ፣ ፈጠራዊ ኣተሓሳሰባ ብመንጽር ከቢድትን ፈጠራውን ጉዳያትን ክምኡ'ውን ምፍታሕ ጸገማት ዕዙዝ ዋጋ ኣለዎ። ተምሃሮ ንተወሳኺ ትምህርቶምን ናይ ስራሕ ህይወቶምን ዘድልዮም ኩሉ ክእለት ይመሃሩ። እዚ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ንእሽቶን ዝተወደበን



forteslyceum.nl

Uilenhof
Thuis in de wereld



uilenhof.cvo-av.nl

Uilenhof | locatie Gorinchem

Richting: vmbo gl/tl, nieuwe mavo, havo-junior, TOT

ቦታ ኡይለንሆፍ፣ ጎሪንቸም (Uilenhof, Gorinchem)
መንገድታት: - vmbo gl/tl፣ nieuwe mavo፣ havo-junior፣ TOT
Uilenhof ኣብ ጎሪንቸም(Gorinchem) ቁጽሪ ሓደ ክርስትያናዊ vmbo ቤት ትምህርቲ (gl/tl/havo-junior) እዩ። ተምሃሮ ይኹን ወለዶም ብቤት ትምህርትና ዕጉባት እዮም። ብፍላይ ተምሃሮ ጽቡቕ ውጽኢት ይረኽቡን ተቐያያሪ መደባቶም የስተማቕሩን።
Uilenhof ክልተ ናይ ትምህርቲ መንገድታት የቕርብ፦ mavo (vmbo gl/ tl)'ን havo- junior 'ን ። ኣብ havo-junior ተማሃሮ ኣብ Uilenhof ንኽልተ ዓመት ኣብ havo ይሳተፉ እሞ ናብ Lyceum Oude Hoven ይሰጋገሩ።
ፍሌክስ መደብ ስራሕ፦ Uilenhof ፍሌክስ መደብ ስራሕ ዝበሃል ይጥቀም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ተማሃሮ ነፍሲ ወከፎም 80 ደቓይቕ ዝወስድ ሰለስተ ናይ ትምህርቲ ክፍልታት ኣለዎም። እዞም ክፍልታት እዚኣም ውሱን ክፋል ናይ ግዜ ሰሌዳኣም ይሽፍኑ። ካብዞም ክፍለግዜ ትምህርትታት ወጻኢ ተማሃሮ ካብ ፍሌክስ ክፍልታት ንግሆን ድሕሪ ቀትርን ይመርጹ።
ሰለስተ ዓይነት ፍሌክስ ክላስ(flex classes) ኣለዉ፤

- ዕዮ ዝ ፍሌክስ ክፍልታት(homework flex classes)፣ ተማሃሮ ኣብ ዕማማቶም ምስ ካልኦት ዝተሓባበሩሉ፣
- ዓይነት ትምህርቲ ፍሌክስ ክፍሊ(subject flex classes)፣ ተማሃሮ ብዘዕባ ዘጸግሞም ትምህርቲ ብዝምልከት ተወሳኺ ደገፍ ዝረኽቡሉ፣
- ጽምዋ ፍሌክስ ትምህርቲ(silent flex classes)፣ ተማሃሮ ኣብ ዕዮ ዝኣም ብናጻ ዝስርሑ ወይ ንፈተናታት ዝኽልሱሉ።

ኩለን ናይ ፍሌክስ ክፍልታት ንተማሃሮ ዝድግፍ መምህር ኣለወን። እዞም ክፍልታት እዚኣም ንተማሃሮ ዝምጥን ደገፍ ክንህብ የኽእሉና። Uilenhof ካብ ዕዮ ዝ ነጻ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ እዩ። ብፍሌክስ መደብ ስራሕ ምስራሕ ማለት ምስ ናይ ክፍል ግዜን ትሕዝቶ ክፍልን ዝያዳ ተዓጻጻፊ ክትከውን ምኽኣል ማለት እዩ። እዚ ድማ ርኡይ ረብሓታት ሒዙ ይመጽእ እዩ። ንኣብነት፡ ተማሃሮ – ብኽፊል – ኣብ ሓደ ትምህርቲ ክንደይ ግዜ ክሕልፉ ከም ዝደልዩ ባዕሎም ክውስኑ ይኽእሉ። ንኣብነት ሓደ ተማሃራይ ኣብ ክፍልታት ቋንቋ ሆላንድ ዝያዳ ሓገዝ እንተደልዩ እዚ ይክኣል'ዩ። ከም ኣማራጺ ድማ ተማሃሮ ኣድላዩ እንተኾይኑ ኣብ ሒሳብ ዝያዳ ግዜ ክሕልፉ ይኽእሉ። ኩሉ ሰብ ዝተፈላለየ እዩ።
ተማሃሮ ኣብ ናይ ትምህርቲ ክፍልታት (ኣድላዩ) ከምኡ'ውን ኣብ ፍሌክስ ክፍልታት (ብዓይነት ዝተዳለወ ክፍልታት) ይሳተፉ።
ትምህርታዊ ክፍልታት 80 ደቓይቕ ዝወስድ ኮይኑ ኣብ ምሉእ መስርሕ ትምህርቲ መምህራን ንተማሃሮ ንኽመርሑ ዝያዳ ግዜ ይህብ። ሳላ እቲ ፍሉይ ኣቀራርባና ብመሰልጠንትን መምህራን ዓይነት ትምህርትን ክነሰልጥንን ክንመርሕን ዝያዳ ግዜ ኣሎና። መደብ ፍሌክስ ምሉእ ትኩረትና ኣብ ናይ ተምሃርና ውልቃዊ ምዕባል እናሃለወ ንፃውጣን፣ ምውዳብን ምክንያታዊነትን ቦታ ክንፈጥር የኽእለና።
ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜታት ናይቲ ትምህርቲ ዓመት ምርኢት ፊልም፣ ዑደት፣ ኣስተምህሮ ኣጋይሽ፣ ዕዮ ምርምርን ፍሉይ ፍጻሜታትን ዘጠቓልል በዳሂ 'ዶመይን መዓልታት' ነዘጋጁ።

MUNIO
sterk naar de toekomst

Lyceum **Oudehoven**

Kijk verder. Vraag verder. Doe goed.



Lyceum Oudehoven | locatie Gorinchem

Richting: havo, techniek havo, atheneum, TTO atheneum, gymnasium, TTO gymnasium

ቦታ ሊሲየም አውደሆቨን፣ ጎሪንቸም (Lyceum Oudehoven, Gorinchem Location)
መንገድታት: havo፣ techniek havo፣ atheneum፣ TTO atheneum፣ gymnasium፣TTO gymnasium።
ኣብ ሊሲየም አውደሆቨን(Lyceum Oudehoven) ተማሃሮ ንመጻኢኣም ድልዱል መሰረት የንጽፉ። ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ናብ ሞያዊ ስልጠና ኣብ ላዕለዋይ ሞያዊ ትምህርቲ ወይ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ ብዓወት ክሰጋገሩ ምእንቲ ብዝበለጸ መንገዲ ነዳልዎም።
ደስ ዘብል ናይ ትምህርቲ ሃዋህው እንሀብ ውሑስ ቤት ትምህርቲ ኢና። መምህራንና፣ተማሃሮ ንቹሰተፉ ዘሐጉሰም መሳጢ ትምህርቲት ይምህሩ። ቤት ትምህርትና ንተማሃሮ ፍልጠቶም ንኽዕበዩ ይደፍኡም ከምኡውን ዝተፈላለዩ ፍሉይ ዓይነታት ትምህርቲ ነቕርብ ኢና።
Tto (ትምህርቲ ክልተ ቋንቋ) ኣብ ትምህርቲ ቅድመ ዩኒቨርሲቲ ዝሳተፉን ኣብ ቋንቋን ባህልን ተገዳስነት ዘለዎምን ተማሃሮ ንኽልተ ቋንቋታት ትምህርቲ ብትኽክል ክብቕው ይኽእሉ እዮም። ተምሃሮ ብእንግሊዝኛን ሆላንድን ምዝራብ፣ ምጽሓፍ፣ ምስማዕን ምንባብን ይመሃሩ። በዚ መንገዲ እዚ ድማ ኣብ መጻኢ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ወይ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝኛ ኣብ ዝዝረብ ሃገር ንዝመሃሩ (ዩኒቨርሲቲ) ፕሮግራማት ብዝበለፀ ዝተዳለወ እዩ።
Praktijkhavo ነቲ ናይ havo መንገዲ ክኽተሉ ይሓስቡ እንተኾይኖም ግን ብተወሳኺ ተግባራዊ ክኽኑ ዝፈትው እንተኽይኖም praktijkhavo (ዝያዳ ተግባራዊ ትኹረት ዘለዎ havo) እቲ ንሶም ዝደልይዎ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ምዕቡል ደረጃ (ኣብ ዓመት 4 ጀሚሩ) ተማሃሮ ኣብ techniekhavo ወይ zorghavo (havo ኣብ ምህንድስና ወይ ክንክን ጥዕና ትኹረት ዝገበረ) እውን ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።

ስሩዕ መንገድታት vwoን havoን'ውን ፍልጠትን ድሊታትን ተማሃሮ ንምስፋሕን/ወይ ንምዕማቕን ኩሉ ዓይነት ዕድላት ይህብ።
ኣብ ታለንት ስትሪም(ተውህቦ ክፍሊ) ሞጁላትና፣ ተማሃሮ ብዛዕባ ኣብ ካልእ ክፍልታት ወይ ከላሳት ብቑሊሉ ዘይሽፈን ትምህርቲ ይመሃሩ።
ዓለምለኻውነት ኣገዳሲ እዩ ኢልና ንኣምን። ንኣብነት ኩሎም ተምሃሮ ራብዓይ ዓመት ኣብ ኤውሮጳ ጉዕዞ ይገብሩ እዮም። ካብዚ ሓሊፉ፡ ካብዚ ዝስዕብ ክመርጹ ይኽእሉ እዮም፤

- ኣብ ናይ ስነ-ጥበብ ትምህርቲ ፈተናታት ይወስዱ። ኣብዚ፡ ተማሃሮ ኣብ ህዝባዊ ምርኢት ስርሖም ንኽርእዩ ኣብ ህዝባዊ ኮንሰርትና ተራ ይጻወቱ።
- ኣብ ናይ ክትዕ ክለብና ይሳተፉ።
- ኣብዘም ዓይነት ትምህርትታት ተወሳኺ ብቕዓት ብምርካብ ናይ ፈረንሳይኛ፡ ጀርመንኛ ወይ እንግሊዝኛ ኣፍልጦኦም የዕብዩ።
- ኣብ ዩ-ታለንት ኣካዳሚ(U-talent Academy) ብምስታፍ ኣብ ትምህርቲ ሳይንስ ዘለዎም ተውህቦኦም የዕብዩ። እዚ ምስ ዩኒቨርሲቲ ዩትሬክት(University of Utrecht) ዝተገብረ ምትሕብባር እዩ።

MUNIO
sterk naar de toekomst

omnia college



Omnia College | locatie Gorinchem

Richting: vmbo basis/kader/GL

Ondernemersklas / Techniekklas / Timmerklas / Zorg en welzijn / Koksklas / Paardenklas / Sportklas

omniacollege.nl

ኣምንያ(Omnia) ኮሌጅ ጎሪንቸም(Gorinchem) ቦታ መንገድታት፡ ብመሰረት vmbo /kader/GL
ናይ ስራሕ ምፍጣር ክፍለ ግዜ፣ ክፍሊ ምህንድስና፣ ክፍሊ ጸራቢ፣ ክንክንን ድሕንነትን፣ ክፍሊ ምብሳል፣ ክፍሊ ፈረስ፣ ክፍሊ ስፖርት
ኮሌጅ ኣምንያ(Omnia College) ንተማሃሮ ንኽዓብዩ ዘድልዮም ኩሉ ክፍለ ግዜ ይህቦም፣ ናይ ዝዘእ ርእሶም ዓይነት ትምህርቲን ቴማን(ዓብላሊ ኮይኑ ዝጸንሕ ዓይነት ትምህርቲ) ክፍለ ግዜታት ክመርጹ የኽእሎም ከምኡውን ካብ ውልቃዊ ኣሰልጣኒ 1 ብ 1 ደገፍ ይህቡ። ተምሃሮ ንባዕሎምን ተፈጥሮኣዊ ክእለቶምን ክረኽቡ ወይ ክደልዩ ኣገዳሲ እዩ ኢልና ንኣምን።
እቲ ሰፊሕ ኣቕርቦትና፣ንፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ኣብቲ ዝመርጾ ኣንፈት ክድህብ የኽእሎ። ቤት ትምህርትና ከም ሆላንድ ወይ ደች፡ እንግሊዝኛን ሒሳብን ዝኣመሰሉ ልሙዳት ትምህርትታት ይምህር እዩ፡ እቲ ብሓቂ ዝፈልየና ግን፡ እቲ 'መዓልቲ ምጅማር(day start)' ዝበሃል ሓዊሱ፡ ፈጠራዊ ወይ መሃዝቲ ትምህርትታትና እዮም። ኣብ ምሉእ ሰሙን ንብዙሕ ግዜ፡ ተማሃሮ ምስ ውልቃዊ ኣሰልጣኒ ንኽዛረቡ ግዜን ቦታን ነሞቻቹ። ኣብዘም ክፍለ ግዜታት ተማሃሮ ዋና ተራ ይጻወቱ፣ ኣብ ርእሲኡ ድማ ኣብ ትምህርቲ ሚድያን ፍሉይ ኣገባብ ትምህርትን ዘተኮሩ እዮም።

ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመት ኣብታ ኩሉ ሰብ ዝፋለጠላ ንእሽቶ ቤት ትምህርትና፡ ተማሃሮ ናብ ዲፕሎማን ዕድመ ንእስነትን ንምብጻሕ ዓቢ ስጉምቲ ይወስዱ። ብሓባር ሓደ ሓፈሻዊ ዕላማ ኣሎና፡ ንሱ ድማ ካብ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ዝበለጸ ረብሓ ምርካብ እዩ። ስለ'ዚ ድማ'ዩ መሸጋገሪ ወይ ድልድል ዝበሃሉ ክፍልታት ንህብ፣ ተማሃሮ ድሊታቶምን ብሉጻት ዝኾኑ ትምህርትን ክረኽቡሉ ዝኽእሉ እዩ። ጽቡቕ ጅማሮን ግቡእ መምርሕን ስዒቡ ብዙሓት ተማሃሮ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከም ዝሰጋገሩ ኣስተብሂልና ኣለና። ካብዚ ሓሊፉ ተምሃሮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተርም ወይ ናይ ትምህርቲ መደብ ግዜ፡ዓይነት ትምህርቶምን ቴማኦምን(ዓብላሊ ኮይኑ ዝጸንሕ ዓይነት ትምህርቲ) ዳግማይ ክመርጹ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ኣብ ኩሉ ክፍለ ግዜታት ክሳተፉን ድሕሪ ካልኣይ ዓመት ዝመርጽዎ ናይ ትምህርቲ መንገድን ናይ መወዳኣታ ፈተናን ክመርጹን የኽእሎም።

ዝኾነ ተወሳኺ ደገፍ እንህቦ ኩሉ ግዜ ምስ ወለዲ ተማሃሮን ውልቃዊ ኣሰልጠንትን ዝተዋደደ እዩ። ንኣብነት፡ ተማሃሮ ኣብ ትምህርቶምን ኣብ ህይወቶምን ምሉእ ዓቕሞም ንኽበጽሑ ዝሕግዙ ናይ ተማሃሮ መምህራን፡ ናይ መጽናዕቲ ክፍሊ ከምኡውን ንዕኦም ዝምጥን ክፍለ ግዜታት(ንፍሉያት ባህርያት ተማሃራይ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዳለወ ክፍለ ግዜታት) ኣለዉና። ዝበለጸ ውጽኢት ንኽህልዎም ቁሩብ ተወሳኺ ደገፍ ጥራይ ንዝድልዮም ተማሃሮ፡ 'ፎከስ ክላስ(focus classes)' ዝበሃሉ'ውን ንህብ ኢና። እዞም ክፍለ ግዜታት ብዕላማ ንኣሽቱ ስለዝኾኑ፡ንነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ እኹል ግዜን ኣቓልቦን ይህልዎም። ውልቃዊ ኣሰልጠንቲ ብዙሓት ዓይነት ትምህርትታት ይምህሩ፡ በዚ ድማ ተማሃሮ ዝያዳ ዘተኮረን ውልቃውን መምርሒ ይረኽቡ።

ኣብ እዋን ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ተማሃሮ ከሳብ ሕጂ ዓለም ኣብ እግሮም ከምዘለ ንኣምን። ህጻናት ካብኡ ጀሚሮም ናይ ዝዛእ ርእሶም ውሳነታት ክረኽቡን ክወስዱን ዕድል ክወሃቦም ይግባእ። ስለ'ዚ ድማ ኢና ተማሃሮ ንኽድህስኑ፡ ንኽፍትኑን ንኽዓብዩን እኹል ቦታ ንህብ። ኩሉ ተምሃራይ ብናቱ መንገዲን ብደረጃኡን ምቹእነት ክስምዖ ይግባእ። ናባና ክትመጹ ከምኡውን ምሳና ክትድህስኡ ወይ ክትምርምሩ ብኽብሪ ንዕድመኩም። ምስኹም ንክንራኽብ ብሃንቀውታ ንጽበ!

Schans

Kom verder!



De Schans | locatie Sleeuwijk

Richting: vmbo bb / kb

Economie & Ondernemen, Zorg & Welzijn, Dienstverlening & Producten

ደ ሻንስ(De Schans) ፡ ስሊዩዊክ(Sleeuwijk) ቦታ መንገድታት፡ vmbo bb / kb
ቁጠባን ንግድን፣ ክንክንን ድሕነትን፣ ኣገልግሎታትን ፍርያትን
ኣብ ስሊዩዊክ(Sleeuwijk) ኣብ ዝርከብ ደ ሻንስ(De Schans) ኣብ ግዝኣም ከም ዘለው ኩይኑ ዝስመዖም ቀልጢፉ'ዩ!
ንእሽቶይን ምሕዝነታዊት ዘለዎን ቤት ትምህርቲ ኢና፡ እዚ ማለት ተማሃሮ ምስ መምህራኖምን መማህርቶምን ቀልጢፎም ይፋለጡ። ተምሃሮ ምምሃር ምስትምሃር ምስ ግብራዊ ንጥፈታት የወሃህድዎ። ካብዚ ሓሊፉ ቤት ትምህርትና ብስሩዕ ዘዘናግዕን ትምህርታዊን ካብ ስርዓተ ትምህርቲ ወጻኢ ንጥፈታት የዳሉ።

ኣብ ደ ሻንስ(De Schans):
ኩሉ ግዜ ንመጻኢኡም ኣወንታዊ ኣቀራርባ ወይ መግዲ ንሕዝ፣
ትርጉም ዘለዎ ትምህርቲ ንህብ፣
ነገራት ብሓባር ንተበር፣
ንነፍሲ ወከፍ ዓመት ትምህርቲ ናይ ስራሕ ልምምዳት(internships) ንህብ፣
ርኡይ ምዕባለ ይተብሩ!

ኣብ ደረጃ መሰረት (ዓመታት ካብ 1 ክሳብ 3) ተማሃሮ ከም ሆላንድ፡ እንግሊዝኛን ሒሳብን ዝኣመሰሉ ናይ ሓባር ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ 'ናይ ክእለት ግዜ(Talent Time)' ዝብል ትምህርቲ'ውን ይምሃሩ። ተማሃሮ ኣብ ሓደ ካብዞም ዓይነት ትምህርትታት ብምስታፍ፡ ክእለቶም ኣቢይ ከምዘለሎ ይረኽቡ። ዓርሶም ኪኢሎም ወይ ብጉጅለ ዝሰርሑ ኮይኖም፡ ኣብ ከም ምህንድስና፡ መመላኽዒ፡ መግቢ፡ ዕንባባታትን እንስሳታትን ወይ ቴክኖሎጂ ዝኣመሰሉ ትምህርትታት ኣተኩሮም ይሰርሑ።

ኣብ ምዕቡል ደረጃ (ድሕሪ 3ይ ዓመት)፡ ደ ሻንስ(De Schans) ክልተ ተወሳኺ ናይ ምምሃር ምስትምሃር መንገድታት የቕርብ፣

ክንክንን ጽቡቕ ምህላውን
እዚ መገዲ እዚ ምስ ሰባት ክራኸቡ ወይ ክተኣታተው ንዝመርጹ ተማሃሮ እዩ። ክልቲኣም ናይ ክልሰ-ሓሳብን ተግባራውን ክፍለ ግዜታት ኣብ ዘበናዊ ክፍልታት(ኣብ ዲጂታላዊ ዘመን ድሌታት ተምሃሮ ንምምላእ ዝተዳለወ ክፍሊ) ይምሃሩ፣ ኣብኡ ተማሃሮ፣ናይ ህጻናት ክፍሊ፣ ክፍሊ ሆስፒታል፣ ክሽነ ክምኡውን ናይ ጽባቐ ሳሎን ክረኽቡ ይኽእሉ።

ኣገልግሎታትን ውጺኢታትን
እዚ መገዲ እዚ፣ንኻልኦት ሰባት ኣገልግሎት ምህብ ዝምልከት ኩሉ ንጥፈታት ዘተኮረ እዩ። ኣብነት ናይ ሓደ ኣገልግሎት፣ክረምታዊ ምርኢት ምድላው ክኽውን ይኽእል። ወጺኢታት፡ናይ መፋለጢ ቪድዮታት ወይ ሰለስተ ሽነኻት(3D) ዝተሓትሙ ነገራት የጠቓልሉ። ነዚ ዝኽውን ኩሉ ዘድሊ መሳርሕታት ደ ሻንስ(De Schans) ኣለዎ።

ናይ ስራሕ ልምምድ(Internships)
ኣብ 3ይን 4ይን ዓመት፡ ተማሃሮ ኣብ ሰሙን 1 መዓልቲ ኣብ ናይ ስራሕ ልምምድ ይሳተፉ። ኣብዚ፡ ውሽጣውን ደጋውን ዝተፈላለዩ ኩባንያታትን ትካላትን ኣብ ውሽጦም ዝፍጸሙ ዕማማትን ይፈልጡ ወይ ይረኽቡ። ብኻልእ ኣዘራርባ: ብተግባር ምምሃር!

MUNIO
sterk naar de toekomst

Gymnasium Camphusianum

Camphusianum | locatie Gorinchem

Richting: gymnasium

ቦታ ካምፑስያኑም፣ ጎሪንቸም (Camphusianum, Gorinchem)
መንገድታት: gymnasium
እንቋዕ ናብ ጂምናዝየም ካምፑስያኑም(Gymnasium Campusianum) ብደሓን መጻእኩም!
ንሕና ንእሽቶ ቤት ትምህርቲ እንትንክን ተለማዳይ ሃዋህው ዘለና ኩሎም ሓደስቲ ተማሃሮ VWO ብድሓን ምጹ። ኣብ ካምፑስያኑም (Campusianum) ን ካብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ መልቀቒ ዲፕሎማ ጥራይ ዘይኮነስ ንመጻኢ ሞያኦም እውን ይመሃሩ። ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ፍልጠት ይረኽቡን ብዛዕባ ጉዳያት ብዝተፈላለየ መንገዲ ምሕሳብ ይመሃሩን። ተማሃሮ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዘሎ ዓለም እንታይ ይካየድ ከምዘሎ ይመሃሩ። ኣብ ጉዳያት ብብዙሕ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ርኢዮ ምሃብ ይመሃሩ። ተማሃሮ ካብ ካምፑስያኑም(Camphusianum) ምስ ተመረቑ፡ ናብቲ ኩሉ ግዜ ዝቕየር ዓለም ብዓርሰ እምነት ይጽምበሩ።

ካምፑስያኑም (Campusianum) እታ ትደልያ ቤት ትምህርቲ'ያ፣ እንተድኣ...
- መስርሕ ትምህርቲ ባህ ይብለካ፤
- ብዛዕባ'ቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ዓለም ክትፈልጥ ትደሊ፤
- ብድሆ ትደሊ ኣለኻ፤
- ንእሽቶ ቤት ትምህርቲ ትመርጽ፤
- ቀወምቲ ኣዕሩኽ ክትፈጥር ትደሊ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ንዐኦም ምኽንና ይሓስቡ ዶ ኣለው? በጃኹም ንዑ ተፋለጡና!

ካምፑስያኑም ጁንየር(Camphusianum Junior)
ኣብ ውሽጢ ሽሞንተ ሰሙን፡ ዓርቢ ንግሆ ክም ጋሻ ተጸንቢርኩም ካብ ሽዱሽተ ሞጁላት ኣብ ሓደ ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ኪሚስትሪ፣ ክላሲካዊ ቋንቋታትን ባህልን ወይ ትምህርቲ ሮቦቲክስከ? እቶም ዝደልዩ ድማ ብመንገዲ እቲ መርበብ ሓበሬታ ክምዝገቡ ይኽእሉ።

መዓልታት ተሳትፎን ክፋት መዓልትን
ተማሃሮ ላቲን ወይ ግሪኽ ሓዊሱ ኣብ ሰለስተ ናይ ፈተነ ክፍልታት ክሳተፉ ዝኽእሉሉ ናይ ተሳትፎ መዓልታት ዝበሃል ኣለና። እቲ መደብ ብቐጻሊ ስለ ዝቕየር፣ በጃኹም ብነጻነት ብዙሕ ግዜ ንብኑዩና። እቶም ዝደልዩ ድማ ብመንገዲ እቲ መርበብ ሓበሬታ ክምዝገቡ ይኽእሉ።
ኣብቲ ክፋት መዓልትና፣ ንመጻኢ ክኾኑ ዝኽእሉ ተምሃሮ ማዕጾና ክፋት እዩ። ተማሃሮና ንኢጋይሽ የርእዩን ብዛዕባ ቤት ትምህርትና ዘለዎም ሕቶታት ይምልሱን።



camphusianum.nl

De Joost

Doe, ervaar, leer



De Joost | locatie Leerdam

Richting: vmbo bb/kb

Handel, Zorg & Welzijn, Techniek, Sport & Dienstverlening

ቦታ ደ ጆስት፣ ሊርዳም (De Joost, Leerdam)
መንገድታት: vmbo bb/kb
ንግዲ፣ ክንክንን ጥዕናን፣ ምህንድስና፣ ስፖርትን ኣገልግሎትን

ደ ጆስት(De Joost) ንምያዊ ትምህርቲ ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ (VMBO) ዝምልከት ቤት ትምህርቲ እዩ። ተማሃሮ ብላፕቶፕን ካብ መጽሓፍትን ይመሃሩ፣ ብዓቢኡ ግን ብግብራዊ ክፍሊታትን ቀጥታዊ ተመኩሮን ይመሃሩ። ካብ ደ ጆስት(De Joost) ምስ ተመረቑ፣ ተማሃሮ ንሙሉእ ሰሙን ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ወይ ድማ ውህደት ትምህርትን ብደረጃ MBO ምስራሕን ክመርጹ ይኽእሉ። ተምሃሮ ኢደ ጥበባዊታት፣ ክኢላታት፣ ኣካየድቲ ስራሕ ወይ ሰብ ሃፍቲ ክኾኑ ይኽእሉ።

ደ ጆስት(De Joost) ብሰንኪ ንእሽቶ ባህርያቱ ፍሉይ ይገብሮ። ኩሉ ሰብ ንሓድሕዱን ጥንካረታቱን ድኽመታቱን ይፋለጥ እዩ። ማሃሮ ካብ መስርሕ ትምህርቲ ዝበለጸ ረብሓ ንኽረኽቡ ዝበለጸ ዕድላት ንደሊተ። ኣብ ደ ጆስት(De Joost) ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ዝግበኦ ትኹረት ይወሃቦ። ሓይልና ውልቃዊ ዓቕሚ ተማሃሮ ከም መበገሲ ኣብ ምውሳድ'ዩ። ንእብነት ተምሃሮ ካብቲ ኣብዚ ሕዚ ኣዋን ዘለዉዎ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ምስታፍ መማረፂ ኣለዎም።

ክፍሊታትና ንኣሽቱ ስለዝኾኑ ተማሃሮ ብዝበለጸ ይመሃሩን እኹል ኣቓልቦ ይረኽቡን። ተማሃሮ እውን ብቑጻሊ ምስ መምህሮም ብምዝርራብ ምዕባለኦምን መጻኢኦምን ይዛተዩ። ንእብነት ሕልምታትካ እንታይ እዮም? ምስዞም መምህራን ብዝገበርናዮ ዕላል፣ ጥንካረን ድኽመትን ተማሃሮ ኣበይ ከምዘሎ ክንመዝንን ዝያዳ ክንሕግዞምን ንኽእል። ኣብ ደ ጆስት ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ኩሉ ግዜ ዝተፈላለየ እዩ። ተማሃሮ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊታት ይሳተፉ፣ እዚ ድማ ንኽልቲኡ ክፍሊታት ክልሰ-ሓሳብን ተግባርን ሓዊሱ እዩ።

ግብራዊ ትምህርቲ ንተማሃሮና ዝምጥን ቅዲ ትምህርቲ እዩ። ተማሃሮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ኣብ ናይ ስራሕ ልምምድ ይሳተፉ። እቶም ተማሃሮ ዝሳተፍዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ‘ፕሮጀክት ክፍሊታት’ ኣብ 1ይን 2ይን ዓመት እዮም። ኣብዚ ብተግባር ይመሃሩን ድሊታቶም ኣበይ ከምዘሎ የናድዩን። እዚ ድማ ንመጻኢ ኣገዳሲ ውሳነታት ንምውሳን ዝቐለለ ይገብሮ። ንእብነት እዚ ንመገድታት ትምህርትን ካብ ደ ጆስት ምስ ተመረቑ ትምህርቶም ወይ ሞያኦምን የጠቓልል። ብተወሳኺ ንተማሃሮ ኣብ ሕብረተሰብ ንዘሎ ዕድላት ነላልዮም፣ ንእብነት ብመልክዕ ምብጻሕ ኩባንያ። ደ ጆስት ምስ ትካላት ንግድን ሲቪላዊ ማሕበራትን ጥቡቕ ርክብ ኣለዎ።



De Noordhoek | locatie Gorinchem

Richting: praktijkonderwijs, brugklas PrO-vmbo, DOKwerk

Praktijkonderwijs leert!

ቦታ ደ ኖርድሆክ፣ ጎሪንቸም (De Noordhoek, Gorinchem
መንገድታት፣ ግብራዊ ትምህርቲ፣ ቀዳማይ ዓመት PrO-vmbo፣ DOKwerk

ግብራዊ ትምህርቲ ፍረኡ ይፈሪ!
ቤት ትምህርትና ኩሉ ብዛዕባ ግብራዊ ኣተገባብራ ፍልጠትን ክእለትን እዩ። ኣብ እዋን መሰረት (1ይን 2ይን ዓመታት) ትኹረት መሰረታዊ ክእለት፣ መሰረታዊ ፍልጠትን ዕቡቕ ናይ ስራሕ ስነ-ምግባር ምምዕባልን እዩ። ኣብ ዕብይ ዝበለ ደረጃ (ካብ 3 ክሳብ 5 ዓመት) ዘሎ መደብ ትምህርቲ ኣብ ፍሉይ ሞያዊ ክእለት ዝያዳ ዘተኮረ እዩ። ኣብ ምሉእ እቲ ናይ ስራሕ ልምምድ መደብ፣ ተማሃሮ ካብ ክትትል ዝግበረሉ ናይ ስራሕ ልምምድ (1 ንግሆ ኣብ 2ይ ዓመት) ናብ ነጻ ናይ ስራሕ ልምምድ (3-4 መዓልታት ኣብ 5 ዓመት) ይሰጋገሩ።

ግብራዊ ትምህርቲ በዚ መንገዲ ኣገዩ ውጽኢታዊ እዩ!
96% ተመረቕትና ናብ ስራሕ ወይ ተወሳኺ ትምህርቲ ይቐጽሉ ኣለዉ።
ግብራዊ ትምህርቲ ንተማሃሮኡ ይከናኸን!
ተምሃሮ ኣብ ሕምብርቲ ቤት ትምህርትና እዮም።
ግብራዊ ትምህርቲ ንኣድማስ ተማሃሮ የስፍሕ!
‘መእተዊ’ ፕሮግራም
- ኣብ ደረጃ 1F ኣብ ግብራዊ ትምህርቲ ንዝሳተፉ ተምሃሮ።
- ኣብ ምረቓ፡ ዲፕሎማ MBO1
ንዓውዲ ዝምልከት መደባት
ተምሃሮ ምስተመረቑ ምሉእ ምስክር ወረቐት ኣብ ኢዶም ይርከቡ

denoordhoek.com

MUNIO
sterk naar de toekomst



Altena College | locatie Sleeuwijk

Richting: mavo, havo, atheneum

ኣልቴና ኮሌጅ፣ቦታ ስሊዩዊክ (Altena College, Sleeuwijk Location)
መንገድታት፡ mavo, havo, atheneum

ኣልቴና ኮሌጅ - ነንሕድሕድካ ምትሕብሓብ!
ኮሌጅ ኣልቴና ንተማሃሮ mavo፣ havoን atheneum ዝኽውን ክርስትያናዊ ቤት ትምህርቲ እዩ። ውጽኢታዊ ትምህርትን ሓቀኛ ክንክንን ንተማሃሮና ኣብ መሰረት ቤት ትምህርትና እዩ። ንግቡእ መምርሒ ዋጋ ንህቦ፣ ተማሃሮ ቁሩብ ተወሳኺ ሓገዝ የድልዮም ድዩ ወይስ ቁሩብ ዝያዳ ብድሆ ክጥቀሙ ይኽእሉ።

ኣብ ምሕዝነታዊን ውዕይን ሃዋህው፣ ተማሃሮ ክእለቶም ከማዕብሉ ኩሉ ዕድል ኣለዎም። መምህራንና ንነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ጽቡቕ ጌርም ንኽፈልጥዎ ዝከኣሎም ይገብሩ። ብከምዚ ድማ ብምቾት ንኽምረቕ ክሕግዝዎም ይኽእሉ። ተምሃሮ ከመርጹ ዝኽእሉ ብዙሓት (ተወሳኺ) ትምህርትታት ነቕርብ። ኣብዚ ዓመት ሓድሽ ትራክ ኣትሌቲክስ (ልክዕ ኣብ ኣፍደገ ገዛና!)፣ ከምኡ'ውን ትምህርቲ በረራ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ እዩ።

መስርሕ ትምህርቲ ምጥዕዓም
ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዓመታት ካብ ትምህርቲ ንላዕሊ ምኺኑ ምግላጽ ዘድልዮ ኣይኮነን። ስለዚ ኢና'ውን ብዙሕ ዘዘናግዕ ነገራት ብሓባር ንሰርሕ። ተማሃሮ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዑደት፣ ምውጻእን መግሻታትን ይኽዱን ኣብ ትያትር ምርኢታትን ሙዚቃዊ ምርኢታትን ከይተረፈ ክሳተፉ፣ ኣብ ኦርኬስትራ ቤት ትምህርቲ፣ መድረኽ ሚድያ ወይ ባይቶ ተመሃሮ ክጽንበሩ ይኽእሉ። ብኻልእ ኣዘራርባ ንኹሉ ዝኽውን ነገር ኣሎ!

ተወሳኺ ደገፍ ወይ ተወሳኺ ብድሆ ትደልዩ?
ኣብ ኣልቴና ኮሌጅ፣ ተማሃሮ ዘድልዮም ደገፍ ኣብ ምርካብ ክተኣማመኑ ይኽእሉ። እዚ ድማ መምርሒ መጽናዕቲ፣ ደገፍ ምስ ዲስሌክስያ(dyslexia) ወይ ውህበት፣ ፍርሒ ውድቀትን ነቶም ናይ ጸገም እዋናት (ኣብ ገዛ) ናይ ተመኩሮ ጉጅለታትን የጠቓልል። ተማሃሮ ኣብ ዝኾነ እዋን ናብ ማእከል ዕዮ ገዛና ክበጽሑ እውን ነጻ እዮም። ብቐረባ ብምምኽኻር ተመሃሮ ዘድልዮም ደገፍ ከም ዝረኽቡ ንምርግጋጽ ንጽዕር።

altenacollege.nl

ውሑስ ሃዋህው
ኮሌጅ ኣልቴና ፍሉይ ዝኾነ እንታይ እዩ? ነንሕድሕድና ጽቡቕ ጌርና ንክናኽን ምህላውና እዩ። ነንሕድሕድና ብኣኽብሮት ንራኽብ፣ ምጥቃዕ ሳሕቲ እዩ ኣብ ምክልኻል ምጽራፍ ድማ ብዙሕ ትኹረት ይግበር። ንጹር ሕግታት ኣለና፣ እዚ ድማ ደስ ዘብል ሃዋህውን ክባብን የረጋግጽ።

ኣልቴና ኮሌጅ ንምምራጽ ሓሙሽተ ምኽንያታት!
1. ተምሃሮ Mavo+ ኣብ መሳጢ ግብራዊ ትምህርቲ ክሳተፉ ይኽእሉ።
2. ተምሃሮ Havo ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዝርከባ ኩባንያታት ኢንተርንሺፕ ናይ ምግባር ዕድል ኣለዎ።
3. ተማሃሮ Atheneum ኣብ ተወሳኺ ትምህርቲ ከም ፍልስፍና ክሳተፉ ይኽእሉ።
4. ኣብ ቤት ትምህርቲ ቢዝነስ ተምሃሮ ብዛዕባ ቢዝነስን ቁጠባን ይመሃሩ።
5. ልክዕ ኣብ ኣፍደገ ገዛና ናይ ኣትሌቲክስ ትራክ ኣሎ!

ከምኡ'ውን ምስጢራዊ ሻድሻይ ምኽንያት፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ገዝኡ ከምዘሎ ኮይኑ ከም ዝስምዖን ኣብ ነንሕድሕዱ ምሕዝነታዊ ስለዝኾነን!

MUNIO
sterk naar de toekomst

De Windroos

Durf te stralen



De Windroos | locatie Gorinchem

Richting: vmbo basis/kader

Vakcollege Economie & Ondernemen, vakcollege Zorg & Welzijn, Media & Vormgeving

ደ ዊንድሮስ(De Windroos)፣ንሪንቾም(Gorinchem) ቦታ መገድታት፡ ብመሰረት vmbo /ካደር(kader)
ሞያዊ ቁጠባን ንግድን፣ ክንክንን ድሕንነትን፣ ኣገልግሎትን ውጽኢታትን ክፍለ ግዜያት

እንኳዕ ናብ ደ ዊንድሩስ(De Windroos) ብደሓን መጻእኩም ንሕና ንእሽቶይ ደረጃ ዘለዎ ኣብ ጽቡቕ ጌሩ ዝተሓደሰ፣ ታሪኻዊ ህንጻ ንርከብ ክርስትያናዊ vmbo ቤት ትምህርቲ ኢና። ንተማሃሮና ንምድጋፍ ንእሽቶይ፣ ጽቡቕ ምትእስሳር ዘለዎም ጉጅለን ህንጡያትን ጋንታ ኣለና። ተልእኾና ሓጺርን ናብቲ ቁምነገር ዝበጽሕን እዩ፡ ቁልው ንኽደምቁ ምግባር። ብሓባር ድማ ናይ ተማሃሮና ጥንካረታትን ድኽመታትን ንፍትሽ ወይ ንረክብ።
ኣብ ደ ዊንድሮስ(De Windroos) ብመስረት መትከል ሞያዊ ኮሌጅ ኢና ንሰርሕ። ካብ ቀዳማይ ዓመት ጀሚሮም ተማሃሮ ኣብ ክፍልታት ቁጠባን ንግድን ከምኡ'ውን ኣብ ክፍልታት ክንክንን ድሕንነትን ይሳተፉ። ተማሃሮና ኣብ ስነ-ቑጠባ ወይ ኣብ ኣገልግሎት ዝተመርኮሰ ሞያታት ሓቀኛታት ሰብ ሞያ ክኾኑ ነሰልጥኖም። ተምሃሮና ካብ ቀዳማይ መዓልቲ ጀሚሮም ግብራዊ ትምህርቲ ይረኽቡ ወይ ምምሃር ይጅምሩ! ኣብ መወዳኢታ ቀዳማይ ዓመት፡ ተማሃሮ ምርጫ ይገብሩ፡ቁጠባን ንግድን ወይከዓ ክንክንን ድሕንነትን?

ንናይ ክንክንን ድሕንነትን(Care and Welfare) ትምህርቲ ዝመርጹ ተምሃሮ ኣብ ቤት ምግቢና ክሰርሑ ይኽእሉ፣ ንኣበነት ኣብ ዝኾነ እዋን ከባቢ 20 ክሳብ 25 ሰባት ክበልዐ ዝመጹሉ ቦታ። ኣብ ክሸነ ምስራሕ ወይ ከመይ ጌርዎም ብቑዓት ኣእንገድቲ ከም ዝኾኑ ይመሃሩ። ብተወሳኺ ናይ ሆስፒታል ዓራት፣ ናይ ጸጉሪ መስተኻኽሊ ሳሎን ከምኡውን ክንክን ጽባቐ ዝለማመደሉ ቦታ ዘለዎም ክፍልታት ኣለዉና። ነቶም ቁጠባን ንግድን ዝመረጹ ድማ ናይ ቤት ጽሕፈት ሃዋህው ወይ ቦታ፣ ናይ ድንኳንን መገሸን ትካል ከምኡውን ካልኦት ነገራትን ኣለውና። ስእሊ ምስኣል፡ዲጂታላዊ ዲዛይን ወይ ፎቶ ምልዓል ደስ ይብለኩም ዶ? ኣብ 3ይ ዓመት፡ኣብ ስነ-ቑጠባን ንግድን ዝመሃሩ ተማሃሮ ኣብ ናይ ሚድያን ዲዛይንን ክፍልታት ክሳተፉ ከመርጹ ይኽእሉ እዮም።
ትምህርትና ዝተፈላለየ እዩ። ኩሎም ተምሃሮ ናይ ባዕሎም ላጥጦጥ ኣለዎም። ክልሰ-ሓሳባውን ተግባራውን ክፍለ ግዜታት ነቕርብ። ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ኩባንያታትን ትካላትን ብዝግበር ልምምድ እውን ፍልጠቶም ኣብ ተግባር የውዕልዎ። ቤት ትምህርትና ናይ ምምሃር ምስትምሃርን ልምምድን ዝበሃሉ ቦታታት የቕርብ። ቤት ትምህርትና ዝተረጋገኣ፣ ኣድላዩ መዋቕር ዝህብን ተምሃሮ ንኽዋፈሩን ንኽመሃሩን ዝዕድም እዩ። ብዛዕባ ቤት ትምህርትና ክትፈልጡ ትደልዩ ዶ? ነጻነት እናተሰመዐኩም ኑብንዩና! ኣብ ቀረባ እዋን፡ ደ ዊንድሩስ(De Windroos) ከም ዝኾኑም ኮይኑ ክስምዓኩም እዩ!

Gilde

Laat techniek werken



Het Gilde Vakcollege Techniek
locatie Gorinchem
Richting: vmbo basis/kader/GL, techniekhavo

ሄት ጊልደ ቫኸኮላጅ ቴክኒክ(Het Gilde Vakcollege Techniek)፣ ቦታ ጎሪንቸም (Gorinchem)
መንገድታት: vmbo basis/kader/GL, techniekhavo
Het Gilde Vakcollege Techniek ቴክኒካዊ ትምህርቲ ዝህብን ንውልታዊ ደገፍ ተማሃሮ ዓቢ ኣቓልዐ ዝህብን ቤት ትምህርቲ እዩ። ኣብ ቴክኒካዊ ዓውዲ ክእለትን ግብራዊ ተመኩሮን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ኢልና ንኣምን። ብፍላይ ንናይ ምህንድስና ኩባንያታት ግብራዊ ክእለት ዘለዎም ሰባት ልክዕ ክምዶም ክልሰ-ሓሳባዊ ፍልጠት ዘለዎም ሰባት ኣገደስቲ እዮም።

ኩሉ ሰብ ኣብ ነንሕድሕዱ ምሕዝነታዊ፣ ግሉጽን ሓላዪን ክኸውን ዓቢ ኣገዳስነት ንህቦ። ንተማሃርና ምስ ክርስቶስ ከም ኣብነትን መምህርን ነላልዮም፣ ኳብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዝርኩብ ሓባራዊ መለከዒታት ድማ ንምራሕ። እምነትና ንህይወት ብዕቱብ ክንወስዶ፣ ንኻልኦት ከም ብጾት ሰብ ክንርእዮም፣ ኣብ ሕብረተሰብ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ክንብር የተባብዓና።

ኣብ ክልልና ዘለዋ ናይ ቴክ ኩባንያታት ንቁጠባ ኣዝየን ኣገደስቲ እየን። ጽቡቕ ዝሰልጠኑ ሰብ ሞያ ቴክኒክ እንተዘይህልዉ እዚ ዓውዲ ምጠፍኡ፣ ክልልና ድማ ብናይ መጻኢ ነበርቲ ተደላይነታ ምቕንሰ። ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፣ ዞባዊ ኩባንያታት ንመንእሰያት ኣብ ምህንድስና መዋእለ ንዋይ ኣፍሲሰን ክሰልጥና ድልዋት ምኺነን ነስተብህል። ምስ ብዙሓት ኣባላት ኩባንያታቱ፡ ዌቴክና ፋውንዴሽን (Wetech foundation) ኣበዚ ዓቢ ተራ ኣለዎ (www.stichtingwetech.nl)።

መንእሰያት ቴክኒካዊ ክእለት ከማዕብሉን ኣብ መጻኢኦም ክሰርሑን ተበግሶ ክህልዎም ንደሊ። ከም ዝዓበየ ቤት ትምህርቲ ቴክኒካዊ vmbo ትምህርቲ ሆላንድ መጠን፣ ቴክኒካዊ ትምህርቲ ከም ዝሰርሕ ነርኢ፣ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ስራሕ ክረክብ ይኽእል እዩ!

ኣብ ጊልደ(Gilde፣ ሞያ ምህንድስና ናብ ዓወት ከም ዘምርሕ ነረጋግጽ። ካብ 12 ክሳብ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ግብራዊ ምኽን ዘሐጉሰም ቴክኒካዊ ኢደ ጥበበኛታት ንኽኾኑ ምሉእ ናይ ስልጠና መደብ ነቕርብ። ተምሃሮ ምስ ተመረቑ ብኡንብኡ ስራሕ ክጅምሩ ይኽእሉ። ከም ኣማራጺ ድማ ኣብ ሄት ጊልደ(Het Gilde) ኣብ መጻኢኦም ምስራሕ ክቕጽሉ ይኽእሉ። ምስ ዞባዊ ኩባንያታት ምህንድስና ብምኽን ኩሉ ግዜ ብቴክኒካዊ ስልጠና ዝሰልጠኑን ግቡእ ኣተሓሳስባ ዘለዎምን እኹላት ሰብ ሞያ ከምዘለዉ ነረጋግጽ።

Yuverta



Yuverta Christelijk VMBO | locatie Ottoland
Richting: vmbo bb/tl en vakroute
Groenprofiel

ዩቨርታ ክሪስተሊክ VMBO (Yuverta Christelijk VMBO)፣ ቦታ ኦቶላንድ (Ottoland)
መንገድታት: vmbo bb/tl እና ሞያዊ መንገዲ (profession route)
Green school (ሓምለዋይ ቤት ትምህርቲ)

Yuverta Christelijk VMBO Ottoland ተኽልታት፣ እንስሳታት፣ ማሽናትን ፈጠራን ማእከል መድረኽ ዝሕዙላ ሓምለዋይ ቤት ትምህርቲ እዩ። ተማሃሮ ብዛዕባ ተፈጥሮን እንስሳታትን ዝመሃፍርሉ ቤት ትምህርቲ ኢና፣ ግን ከኣ ብዛዕባ ዘላቕነትን ከባብን እውን ዝመሃርሉ ቤት ትምህርቲ ኢና። እዚ ብፍላይ ንመጻኢና ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ተምሃሮ ኣብ ናይ ክሽነ ጀርዲን ይሰርሑ፣ ፍርያት ውሽጢ ዓዲ የሰርሑን ኣብ ዘላቒ ምውጋድ ጎሓፍ ይዋፈሩን። በዚ መንገዲ እዚ ድማ ኣብ ሓዳጕሽን ሓምለዋይን ዓለም ኣበርክቶ ንገብር።
ዩቨርታ ኦቶላንድ(Yuverta Ottoland) ክርስትያናዊት ቤት ትምህርቲ እዩ። ከም ቤት ትምህርቲ ንክርስትያናዊ መንነትና ዘኽብሩ ተማሃሮ ቦታ ንምሃብ ዕላማና እዩ። ኩሉ ሰብ ዝፋለጠላ ንእሽቶ ቤት ትምህርቲ ኢና። ተማሃሮ ኣብቶም ዝዕወትሎምን ዘስተማቕርዎምን ትምህርትታት ክዋፈሩ ኣገዳሲ እዩ ኢልና ንኣምን።

ዩቨርታ ቪኤምቢኦ ኦቶላንድ(Yuverta VMBO Ottoland) እዞም ዝስዕቡ ናይ ትምህርቲ መደባት ወይ ፕሮግራማት የቕርብ፡-
- መሰረታዊ ሞያዊ ፕሮግራም (vmbo መሰረት ዝገበረ)
- ‘ካደር(Kader)’ ሞያዊ ፕሮግራም (vmbo kader)
- ዝተሓዋወሰ ፕሮግራም (vmbo gl)
- ክልሰ-ሓሳባዊ ፕሮግራም (vmbo t)
- ሞያ መንገዲ mbo 2

yuverta.nl

MUNIO
sterk naar de toekomst

Calvijn

Ontdek je kracht



Calvijn | locatie Hardinxveld-Giessendam

Richting: vmbo gl/tl, onderbouw havo/atheneum en techniekhavo

ካልቪይን(Calvijn)፣ ሃርዳንክስቨልድ-ጊሰንዳም(Hardinxveld-Giessendam) ቦታ መገድታት፡ vmbo gl/tl፣ ናይ መሰረት መድረኽ havo/atheneum ከምኡ'ውን ምዕቡል መድረኽ techniekhavo

Calvijn ንvmbo-gl/tl ንመጀመርታ ሰለስተ ዓመታት havo, atheneum ከምኡውን techniekhavo ዝኸውን ቤት ትምህርቲ እዩ። ክርስትያናዊ መንነትና ኣብ Calvijn ኣገዳሲ ትምህርታዊ መትከል እዩ፣ ከምኡ እውን ንተማሃሮ እንህቦ ደገፍ እዩ። ንነዊሕ ዓመታት Calvijn ብሉጽ ትምህርታው ውጽኢትን ናይ ምረቓ ደረጃን ኣቕሪቡ ኣሎ።

Calvijn ንተማሃሮ ዝተረጋገኣ ናይ ትምህርቲ ሃዋህው የቕርብ። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ዘመናዊን ፈታኒን ትምህርቲ ዝህብ ቤት ትምህርቲ እዩ። ሓደ ካብቲ ፍሉይ ፕሮግራማትና techniekhavo እዩ። እዚ ብዙሕ ናይ ምህንድስና ክፍለ ግዜታት፣ ናይ ዕንጨይቲ ስራሕ ምርኣይ፣ ምኹዓት፣ ምቑራጽ፣ምውህህድ፣ ምቢያድ፣ ጽግና መኪናን ማይሊንግን(ኣቑሓ ካብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ምእላይ) ዝሓዘ ፕሮግራም havo እዩ። ግድን እዚ ዓይነት ስራሕ ኣብ መጻኢ ንምስራሕ ዘይኮነስ፡ ኣገዳሲ ክእለት ንምጥራይ እዩ።

Techniekhavo ምስ ተመረቑ ኣብ ዓውዲ ምህንድስና ክቕጽሉ ንዘደልዩ ተማሃሮ ዝዓለመ እዩ። Calvijn ተማሃሮ በቢግዚኡ ንዘለዋዉጥ ሕብረተሰብ ዝዳለዉሉ፡መሃዚ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ እዩ። ኣብ Calvijn ኩሉ ተማሃሪይ ሳፕቶፕ ክረክብ ይኽእል እዩ።

ብርግጽ ምስ መምህሪ መጽሓፍቲ እውን ንሰርሕ ኢና። ብሉጽ ምትሕውሻስ ናይ ትምህርቲ መሳርሒታት።

Calvijn ንውልቃዊ ምዕባለን ዕብየት ርእሰ-ምትእምማንን ኣበርክቶ ዝገብር ቤት ትምህርቲ እዩ። ኣብ Calvijn ተማሃሮ ኣብ ህይወቶም ዓርሰ ምትእምማን ክህልዎም ይመሃሩ። መጽሓፍ ቅዱሳዊ መልእኽቲ እምነትን ተስፋን ፍቕርን፣ ንተማሃሮ ኣብ ዓለም ለውጢ ንኽንብሩ ሓይሊ ክም ዝህቦም ከነርኢ ንደሊ።

Calvijn ብጽኑዕ ናይ ክንክን ኣሰራርሓኡን ተወሳኺ ናይ ደገፍ ክፍለግዜታቱን እዩ ዝፍለጥ። ንማሕበራዊ ስምዒታዊ ከምኡውን ንናይ ምምህር ምስትምህር ጸገማት ምኽሪ ንህብ። ብዘይካ ውልቃዊ ትምህርቲ፡ ኣብ ክፍለግዜታት ክእለት ትምህርቲ፡ ተወሳኺ ግላዊ ትምህርቲ ወይ ሓገዝ ዕዮ ገዛ ምስታፍ ይከኣል እዩ። ኣብ 2ይ ዓመት ንተውህቦ ዝኽውን ተወሳኺ ኮርሳት ወይ ዓይነት ትምህርቲታት ይህብ

ከም ህጹጽ ክንክን፣ናይ ስራሕ ፈጠራ ወይ ናይ ላቲን ክፍለግዜታት ንህብ። ኣብ በረድ ምንኽርታት፣ሓጹር ምግባር፣ ኣብ ተራራ ብሽክለታ ምዝዋርን ምድያብን ሓዊሱ

ንኹሉም ተማሃሮ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንውድብ። ንዝያዳ ሓበፊታ ኣብ መርበብ ሓበፊታና ተወከሱ።

vita college

vita food | vita tech | vita shop

vita green | vita wheels | vita sports

Vita College | locatie Gorinchem

Richting: Praktijkonderwijs, brugklas PrO-vmbo

Oog voor jouw talent!

ቪታ ኮሌጅ(Vita College)፣ጎሪንቸም(Gorinchem) ቦታ መገድታት፡ ግብራዊ ትምህርቲ፣ቀዳማይ ዓመት Pro-vmbo

ዓይኒ ንኽእለቶም!

ብኢድካ ክትሰርሕ እትፈቱ ጎ-ንተር(ኣዝዩ ብርቱዕ፣ዕዉት ክኸውን ቆሪጹ ዝተለዓለ ሰብ) ኢኻ! ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብ ጎሪንቸም(Gorinchem) ቁጽሪ ሓደ፡ተማባራዊ ቤት ትምህርቲ ኢና! ወግዓዊ ምስከር ወረቐት ንኽትረኽቡ ክንሕግዘኩም ኢና። ብተወሳኺ እውን ኣብ መእተዊ-ጁንየር ፕሮግራም(Entry-junior programme) እውን ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። መጀመርታ ምስ ቤት ትምህርትና ክትላለዩ ትደልዩ? ስለዚ ኣብ ናይ ፈተነ ክፍለግዜታትና ተመዝገቡ!

ቤት ትምህርትና

ተማሃሮናን ወለዶምን ቪታ ኮሌጅ(Vita College) ደስ ዘብልን ውሑስ ሃዋህው ክም ዘለዎን ይቕጽርዎ። ቤት ትምህርትና ሰፊሕ ካንሸሎታት፣ መምህሪ ክፍልታትን ናይ ተግባር ልምምድ ክፍልታትን ኣለዎ። ኣብ እዋን ዕረፍቲ፡ ተመሃሮ ኣብ ቤት መግቢ ወይ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝመርጽዎ ቦታ ክዛናግዑ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ግዜ ምሳሕ ንተማሃሮ ብነጻ ሳንድዊችን ጸባን ንህቦም ኢና።

ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን ኩሉ ግዜ ናይ ፍራፍረታት ወይ ናይ ጠዓሞ ኩኪምበርን ኮሚደረን ኣሎ ኢዩ። እቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ትኪ ወይ ሽጋራን ኣልኮላዊ መስተን ነጻ እዩ።

እቲ ተቐጻጻሪ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ዕረፍቲታት ብዘይ ምንም ሽግር ክም ዝፍጸሙ የረጋግጽ። ሰሉስን ረቡዕን ካብ ሞል ዝመጹ ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትና ይጉብኙ እዮም።

ቤት ትምህርትና ምስ ሽዱሽተ ክም ቪታ ቴክ(Vita Tech)፣ ቪታ ዊልስ(Vita Wheels)፣ ቪታ ፉድ(Vita Food)፣ ቪታ ሾፕ(Vita Shop)፣ ቪታ ግሪንን(Vita Green) ቪታ ስፖርትን(Vita Sport) ዝበሃሉ ተውህቦታት ይሰርሕ እዩ። ብዙሕ ስፖርትን ምንቅስቓስ ኣካላትን ንጉበር ኢና። ብሓባር ኮይንና ቤት ትምህርትና ዝያዳ ደስ ዘብል ቦታ ክንገብሮ ንጽዕር።

ብተግባር ምምሃር

ኣብ ቤት ትምህርትና፣ተማሃሮ ብተሳትፎ ይመሃሩ። ብርግጽ ኣብ ናይ ሆላንድኛ ወይ ደች፡ ሒሳብን እንግሊዝኛን ክፍለግዜታት ይሳተፉ፣እንተኾነ ግን ኣብ ዜግነትን ማሕበራዊ ክእለትን ክፍለግዜታት እውን ይሳተፉ እዮም።

ተምሃሮ ብ ኮምፒተር ብዙሕ ይሰርሑ እዮም። እዚ ድማ ነቲ ናይ ምምህር ምስትምህር መስርሕ ዝያዳ ዘዘናግፅ ይገብሮ።

ኮምፒዩተራት ንተማሃሮ ብናይ ባዕሎም ቅልጣፈ ክሰርሑ የኽእሎም።

ምስ ምግቢ ምድላው፣ናይ ግሪን ሃውስ ስራሕን ኢንጂነሪንግን ዝተኣሳሰሩ ብዙሓት ናይ ተግባር ክፍለግዜታት ንህብ። ተማሃሮ ምስ ተዳለዉ ኣብ ናይ ስራሕ ልምምድ(internship) ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። ቤት ትምህርትና ብቕዓትኩም ንምምዕባል ይሰርሕ። እዚ ማለት ክመይ ጌርም ክምትተሓባበሩን ክምትውደቡን ክምኡ'ውን ንዘጋጥሞም ዕንቅፋታት ክመይ ጌርም ክምትዋጽኡሉን ትመሃሩ ማለት እዩ።

vita-college.nl

Gomarus
Meer dan school alleen



De Gomarus | locatie Gorinchem

Richting vmbo-bk, vmbo-t, onderbouw havo/vwo en bovenbouw havo/vwo

ደ ጎማሩስ(De Gomarus)፤ ጎሪንቸም(Gorinchem) ቦታ vmbo-bk፣ vmbo-t፣ ናይ መሰረት መድረኽ havo/vwo ከምኡውን ምዕቡል መድረኽ havo/vwo።

ደ ጎማሩስ(De Gomarus) ናይ ሆላንድ ናይ ተሃድሶ ቤት ትምህርቲ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ቃል ኣምላኽ፣መሰረት ትምህርትና እዩ። ኣብ ነንሕድሕድና እንገብሮ ርክብ፡ ኣጠቓቕማ ቋንቋና፡ ኣከዳድናናን ትሕዝቶ ክፍለማዜታትናን መምርሒ ይህቡ። ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ብጸለሎት፡ መዝሙር ብምዝማርን ሓደ ክፋል መጽሓፍ ቅዱስ ብምዝታይን ንጅምሮ። ነዚ መንነት እዚ ኣገዳሲ ኮይኑ ዝርእዮን ንመሰረታዊ መርሆታት ናይ'ዚ ቤት ትምህርቲ ዝድግፍን ዝኾነ ሰብ ብኽብሪ ይቅበሎ።


ኣብ ደ ጎማሩስ(De Gomarus) ዘሎ ናይ ስራሕ፣ ምምሃር ምስትምሃርን መነባብሮን ኩነታት ብሓፈሻ ደስ ዘብል፡ ግሉጽን ቅሳነትን ዘለዎ ኮይኑ እዩ ዝረኣ። መምህራን ተወፋይነትን ህንጡያትን እዮም። ኣሰራርሓን ስፍዕነትን ከም ኣገዳሲ ኢና ንቐጽሮ።

ኣብ ደ ጎማሩስ(De Gomarus)፡ መምህራን ደገፍ ዝህቡ ዝተመደቡ ሰባት እዮም። ብዙሕ ዓይነት ተወሳኺ ምኽሪ እውን ንህብ ኢና።

ናይ ምረቓ ደረጃና ኣዝዩ ልዑል እዩ። ንነዊሕ ዓመታት እስካብ ሕጂ፤ ኣብ ሃገራዊ ማእከላይ ደረጃ ወይ ልዕሊኡ ይርከቡ። ተማሃሮ ከእለቶም ከማዕብሉ ኩሉ ዓይነት ዕድላት ንህብ፣ ንኣብነት ኣብ ናይ ልምምድ ትምህርቲ ክፍልታትና ።

ኣብ መደምደምታ፡-፡ ሓንቲ ኻብተን ተማሃሮና ሊዛን ነዚ ዘረባ ክትገብር ንፈቱ፤ 'ኣብ ደ ጎማሩስ(De Gomarus)፡- ድሕሪ ሓደ ሰሙን ጥራይ ምሉእ ብምሉእ ከም ገዝኡም ኮይኑ ይስምዖም። ደስ ዝብሉ ናይ ክፍሊ መማህርትን ከም መሓዛ ዝኾኑ መምህራንን ኣለዉኒ። ብርግጽ ሓድሓደ ግዜ ኣበርቲዒኹም ክትሰርሑ ኣለኩም፡ ኣብዚ እውን ግን ዘዘናግፅ እዩ። ሕጂ'ውን ባህ ዘብል ቤት ትምህርቲ ትደሊ እንተ ኼንካ፡ ኣነ ብርግጽ ደ ጎማሩስ(De Gomarus) እየ ዝመርጽ!'

De Delta
Wij zeggen ja!



De Delta | locatie Gorinchem

Richting vmbo TL t/m VWO

Agora onderwijs op elk niveau

ደ ደልታ(De Delta)፤vmbo TL t/m VWO።

ኣብ ደ ደልታ(De Delta) ተማሃሮና ማእከል መድረኽ ይሕዙ። ተምሃሮ ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ምምሃር ምስትምሃር መንገዲ ይኽተሉ። እንታይ ከመሃሩ ከም ዝደልዩ ሓቲትና ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ብኮቺንግ ወይ ስልጠና ደገፍ ንገብረሎም፣ነለዓዕሎም፣ ንፍትኖም –ልዕሊ ኹሉ – ድማ ከም ዝዘናግፁ ምርግጋጽን። ብሓባር 'ፈታኒታት' ኢልና ኣብ እንጽውዮም ሕቶታት ንሰርሕ ኢና። ካብን ምስን ነንሕድሕድና ንመሃር። ኣብ ኩሉ ዓይነት ኣርእስታት ብዝተፈላለዩ ዓይነት ሰባት ናይ ምትብባዕ ትምህርቲ ንህብ። ብተደጋጋሚ ናብ ኣነቓቕሒ ቦታታት እውን ዕዲት ንገብር። ኣብ ነንሕድሕድና፡ ኣብ ገዛእ ርእስናን ኣብ መስርሕ ሓርነትን ንተኣማመን ኢና። ናይ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ናይ ምምሃር ምስትምሃር መንገዲ፣ብሓቂ ባዕሎም ክኾኑ ኣብ ዝኽእሉሉ ሃዋህው፣ክኽበር ኣለዎ ኢልና ንኣምን።
እወ ንብል!

ደ ደልታ(De Delta)
ኣጎራ ትምህርቲ(Agora education) ቡቡደረጅኡ

ሽርክነት ሙኒዮ(Munio)

ሙንዮ(Munio) ኣብያተ ትምህርቲ ዘራኽብ ትካል እዩ። ኣብ ዞባና ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ (ጎሪንቸም(Gorinchem)፡ ሊርዳም(Leerdam)፡ ኣቶላንደ(Ottoland)፡ ስሊዊክ(Sleeuwijk) ን ሃርዲንክስቨልድ-ጊሰንዳም(Hardinxveld-Giessendam) ን) ኩለን ብሽርክነት ሙኒዮ(Munio) ዝተኣሳሰራ እየን። ብኻልእ ኣዘራርባ ሙንዮ(Munio) ንባዕሉ ቤት ትምህርቲ ስለዘይኮነ ኣብ ሙንዮ(Munio) ክትምዝገቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ሙኒዮ ኣብያተ ትምህርቲ ብቑዕ ትምህርቲ ንኽህቡ ይድግፍ ከምኡ'ውን ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንተመሃሮ ይሕግዝ። ኣብያተ ትምህርቲ፡ ወለድን ተማሃሮን ኩሎም ንሙንዮ(Munio) ርእይቶኦም ክቕርቡ ይኽእሉ።

MUNIO

sterk naar de toekomst

Dokter van Stratenweg 15
4205 LA Gorinchem
0183 - 660 641

munio.nl